# ዜናዊ ጸብጻብ

## ቀዳማይ ሓባራዊ ሰሚናር ጨናፍር ስካንዲናቪያ መሰረታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ!

እቲ ንመጀመርታ ጊዜ ኣብ ሰለስቲኤን ሃገራት ስካንዲናቪያ ማለት ሽወደን ደንማርክ ኖርወይ ዝቕመጡ መሰረታት ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ ብዕለት 02/04/2005 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ከተማ ዮንሾፒን ሽወደን ብምክያድ ብዓወት ተዛዚሙ።

ኣብዚ ታሪኻዊ ሓባራዊ ሰሚናር ክልተ ኣባላት ፈጻሚት ሽማገለ ተ.ሓ.ኤ. ሰ.ባ. ማለት ብጻይ ናይ ወጻኢ ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ሓላፍን፥ ብጻይ ናይ ምጣኔ-ሃብቲ ቤት ጽሕፈት ሓላፍን ተሳቲፎም ዓሚቕን ሩጡብ ዝኾነ ሃለዋት ውድብ፥ ምረት ሃለዋት ህዝብናን ሃገርናን፥ እቲ ድሓን ኣንፍታት እናሃበ ዝመጽእ ዘሎ ናይ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፥ ሰነድን ጭብጥን ሓዘል ሓበሬታትን መግለጽታትን ሂቦም። ብጾት ኣባላት ፈጻሚት ሽማገለ ኣብዘን ቀረባ ዓመታት ማለት ኣብ 1998 ክሳብ ሎሚ 2005 ሃለዋት ውድብ፥ ብስጡም መትከላዊ ቃልሲ ዝሓለፎም ፍቱናት መድረኻት፥ ብሳላ ጽኑዕ መሰረታትን ቆራጽ ሓላፍነታዊ ዝኾነ መሪሕነትን ዘርኣዮ ተባዕ መኸተ ፍረ ውጺኢቱ፥ ሎሚ ንውድብ ተ.ሓ.ኤ.-ሰ.ባ. ብሩህ መለለይን እሙን ጠመተን ብህዝብናን ተዓዛብትን ብምርካቡ ብጸብለልትነቱ ከም ዝኾነ ገሊጾምዎ። ንናብ ኣብ ሜዳ ዝርከብ ንጅግና ሰራዊት ሓርነት ኣብ ክልተ ሓደጋኛታት ተባራዒ መንቃራቕሮ ኮይኑ ብጽንዓትን ብተወፋይነትን ዝቃለስ ዘሎ ኣርማ ሂወት ቃልስና ስለ ዝኾነ፥ ምስኡ እውን ሰነድ ሰውራናን ታሪኽናን ዝኾኑ ጽኑዓት ዉጉኣት ሓርነት ኣብ ሃኪክ ሱዳን ዝርከቡ፥ ቀዳምነት ተዋሂብዎም ዘድሊ ጠለባቶም ከነማልእ ከምዘሎና ኣማሕጺኖም። ቀጺሎም ንመጻኢ ተተሊሙ ዘሎ ውድባዊ ስራሓት ብቀደም ተኸተል ሓቢሮም ንምትግባሮም ከኣ ግደ መሰረታት ንምዕዋቱ ወሳኒ ምዃኑ ኣማሕጺኖም። ኣስዒቦም እውን እቲ ንህዝብና ካብ ህልዊ ኣሰቃቒን ሓደገኛን ዝኾነ ኩነታት ዝድሕነሉ ኣገባብ ቃልሲ፥ ተጀሚሩ ዘሎ ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፥ ጸዓትን መትከላዊ ዕላማ ውድብናን፥ መተካእታ ዘይብሉ መሰጋገሪ ስለ ዝኾነን ንምዕዋቱ ብዘሎና ዓቕሚ ክንደፋሉ ሓቢሮም።

ኣልኣይ ኣገዳሲ ትሕዝቶ ናቲ ሰሚናር ከኣ ብጸይቲ ገርጊስ ካብ ሃገር ሽወደን፥ ብጸይቲ በላይነሽ ካብ ኖርወይ፥ ንዝኽሪ 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ምኽንያት ብምግባር ሓቀኛ ሃለዋት ጓል ኣንስተይቲ ኤርትራ፥ ብሰንኪ መላኺ ስርዓት ህግዲፍ ትሓልፎ ዘላ ዘስካሕክሕ ኩነታት ብሰነድን፥ ጭብጣዊ ሓበሬታን፥ ሓቀኛ ተረኽቦታት ዝተሰነየ መግለጺ ብምቕራብ ንተሳተፍቲ ሰሚናር ይኹኑ ንውድብና ክጥምቶም ዘሎዎም እዋናውያን ርእይቶታት ኣቕሪበን።

ሳልሳይ ትሕዝቶ ሰሚናር ብዝያዳ ካብ ዝተማያየጠሎምን ብፍሉይ ክብደት ዝሃቦምን ኣጀንዳታት ኩነታት ኤርትራውያን መንእሰያት ኣሓትን ኣሕዋትን፥ ኣብ ትሕቲ መላኺ ስርዓት ህግዲፍ ንሃገራዊ ስሚዒቶም ኣጥፊኡን መሪዙን፥ ኣብ ኢሰብኣዊ ዝሩግ ጥባያትን ጠዋይ ጉግይ ታሪኽን ሚሂሩን ኣስኪሩን ብዋርሳይ ይከኣሎ ወዘተ. . እናሰመየ ከም ሃላኺ ኣቕሓ ዝጥቀመሎም ዘሎ ብሓደ ወገን፥ ብኻልኣይ እውን እንተኾነ ኣብ ስደት ዝተወልዱን ዝነብሩን ዘለዉ መንእሰያት ማዕዶ ባህሎምን ሕብረተ-ሰብኣዊ ልምዶምን ኮይኖም፥ ብናይ ዝነብርሉ ሃገር ባህልን ጉጉይ ጥባያትን ተዋሒጦም ኣብ ሓደጋታት ተጋማጊሞም ዝርከቡ ደቕና፥ ንሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ኣገባብ ቃልሲ እነካይዶ ዘሎና ክቕበልዎ ክርድእዎን ዘይክእሉ ኮይኑ ከም ዘሎ ኩነታት ብጥንቁቕን ተገዳስነትን ሰሚናር ተኻቲዕሎም። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ እዚ ድርብ ክሳራ ዝኾነ ንተቀበልቲ መጻኢ ወሎዶ ከነርኮቦም ዝግብኣና ተኽእሎታት እናጸበበ ምኻዱ ሓደጋታቱ ተመልኪቱ።

ሲዒቡ ንሰሚናር እትመርሕ ሰክረታርያ መሪጹ ስራሓቱ ብምቕጻል፥ መራሕቲ ጨናፍር ናይ ሰለስቲኤን ሃገራት ብቀደም-ተኸተል ህልዊ ኩነታት ጨንፈረንን ሃለዋት ህዝብና ኣብቲ ዝነብሩሉ ሃገር ብሓጺር ጸሚቆም ድሕሪ ምቕራብ፥ ሰክረታትያ ንኩሉ ዝወረደ ሓበረታትን

መግለጽታትን ጸብጻባትን ጠሚራ ኣብ ሓሙስተ ኣጀንዳ ሰሪዓ፣ ን12 ሰዓታት ዝወሰደ ክትዕ ኣካየደት።

ብወገን መሰረታት ከኣ ኝኹሉ ህልዊ ኩነታት ውድቦም ዝተዋህቦም ሓበሬታትን መግለጽታትን ብጽሞና ተኻታቲሎምን ተኻቲያምን፣ ዘሎዎም ጥሙር ሚዛን ምስ ደጋፍን ሃናጽን ርእይቶታት ሂቦም፣ ንዝተዋህለለ ጽኑዕ ብግሉጽነት ዝተሰነየ ተባዕ ቃልሶም ብዝተማእከ ምእዙዝነት ውሽጣዊ ሓድነቶም ኣዕቀኑቦም፣ ዕጥቆም ክድርቡ ምኳኖም ቃል ኣትዮም።

ሰሚናር ንጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ብዝምልከት ከኣ ኣገዳስነቱን ህጹጽነቱን ብምግንዛብ ንመደባተን ብሙሉእ ምትሕብባር ኣካል ሰውራዊ ዕላማኦም ብምኻኑ ኣረጋጊጾምለን።

ሰሚናር ብጉዳይ መንእሰያት ከኣ፣ ብኩሉ ሸነኻት ክብደቱ ተሃዋስነቱን ተራእዩ ዝከኣል ፍሉይ ጠመተ ክግበረሉ ንውድብን ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ለወባኡ ከቅርብ ወሲኑ።

ሰሚናር ነዚ ብተቋወምቲ ውድባት ብመገዲ ምክብባርን ምጽዋዋርን ዝተሰነየ ናይ ሓባር ቃልሲ ንምክያድ ጀሚሩ ዘሎ ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ሙሉእ ደገፉ ገሊጹ፣ ንምትግባሩ ከኣ ድሌትን ትጽቢትን ህዝብና ስለ ዝኮነ ዘይሕለል ቃልሲ ከካይድ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ከምዚ ዝኣመሰለ ኣፍራይን ሃብታም ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥን፣ ምይይጥን ሓላፍነት ዝሰፈኖ ሰሚናር ዓመት ዓመት ንክካየድ ከኣ ወሲኑ።
ኣብ መደምደምታ ወጋሕ ትበል ለይቲ ሰውራውን ብጻያውን ክፉት ዕላላትን ናይ ደስታ ጸወታን ኣካይዱ ነንቦታኡ ተፋነወ።

**“ንድርብ ታሪኻውያን በዓላት 8 መጋቢት ኣህጉራዊት መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮን፣ ኝኽብርቲ 15 መጋቢት መዓልቲ ሰራዊት ሓርነትን ዕላማታተን ንምዕዋት ሕጂ እውን ዕጡቃት ኢና! ”**

ነባሪ ክብርን ዝኽርን ንስዋትና!
ውድቀት ንመላኺ ስርዓት ህግዲፍ.
ሰክረታትርያ ሰሚናር 06-04-2005 ዮንሾፒን ሽወደን።